# ሕገ ደንቢ
# ኣገልግሎት ሰላም ባስ

## ኣብ ውሽጢ ቐርኒ ኣፍሪካ
### ሰላም ባስ

**ለካቲት 1998 ዓ.ም**

# ት ሕ ዝ ቶ

## ገፅ


1. መእተዊ 1

2. ቅድመ ምድላው ጉዕዞ ባስ

2.1 ቴክኒካዊ ምድላውን ክትትልን 2

2.2 ካልኦት ኣገልግሎታት ዝምልከት 2

3. ስርዓት ቲኬትን ኣቕሑትን 2

3.1 ኣተማምና ዋጋ ትኬትን ግቡኣት ተሳፈርትን 2

3.2 መጠን ኣቕሑትን ክፍሊትን 3

4. ስርዓት ጉዕዞ 4

4.1 ደሕንነቱ ዝሓለወ ጉዕዞ ዝምልከት 4

4.2 ኣብ ውሽጢ ባስ ዝግበሩ መስተንግዶታትን መዘናግዕታትን 5

4.3 ኣብ ውሽጢ ባስ ዝህሉ ኩነታት ኣየር 5

4.4 ኣብ መንገዲ ዝህልዉ ዕረፍትን መደቀስን 5

4.5 ብዛዕባ ደሕንነት መንገደኛታት 6

4.6 ብዛዕባ ስርዓት ሓበሬታን ርክብን 6

# 1. መእተዊ

ሰላም ባስ ብሓልዮት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ነቲ ቅድሚ 1988 ዓ.ም ብጠቅላላ ብሃገር ደረጃ ብፍላይ ድማ ኣብ ክልል ትግራይ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኸቢድ ሕፅረት ህዝቢ መጓዓዓዝያ ብዝተወሰነ ደረጃ ንምፍታሕ ብህዝቢ ብዝተዋፅአ ገንዘብ ዝተጣየሸ ህዝባዊ ትካል እዩ፡፡

እዚ ብ25 ኣውቶብሳት ብዝለዓለ ተኣማንነትን ብቕዓትን ስርሑ ዝጀመረ ትካል ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ጉዕዝኡ ንልዕሊ ኣርባዕተ ሚልዮን ህዝቢ ኣገልግሎት ሂቡ'ዩ፡፡ ካብ 1998 ዓ.ም ጀሚሩ ድማ ደረጃ ዋንነቱን ኣገልግሎቱን ንሃገርና ደረጃ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ብምዕባይ ንደንበኞታቱ ንምግልጋል ተዳልዩ ይርከብ፡፡

ቀንዲ ራእይ ሰላም ባስ "ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ብቑዕ፣ ዘመናዊ፣ ቁልጠፍን ዘተኣማምንን ምቾቱ ዝሓለወን መጓዓዓዝያ ህዝቢ ግልጋሎት ንምሃብ እ'ዩ"፡፡ ስለዝኾነ'ውን ኣብ ቐፃላይ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ኩለን ቀርኒ ኣፍሪካ ሃገራት ሽፋን ኣገልግሎቱ ንምስፍሕፋሕ ብካፒታል ፣ ኣወዳድባን ኣሰራርሕኡን ንምጥንኻር ኣብ ምሽብሻብ ይርከብ፡፡

ናይ'ዚ ሕጊ ደንብ ቀንዲ ዕለማ'ውን ኩሎም ደንበኞታት ሰላም ብዛዕባ እቲ ትካል ዕላማን ኣገልግሎትን ብዝርዝር ተረዲኦም ኣብ ቀፃላይ ዕብየቱ ንጡፍ ተራ ንክፃወቱ እዩ፡፡ ንእግረ መንገድና'ውን ኩሉ ዜጋ ኣክስዩናት ሰላም ባስ ብምዕዳግ ብሓደ ገፅ ብባዓል ዋናነት ብኻልእ ገፅ ድማ ንዕብየት ዘመናዊ ህዝባዊ መጓዓዝያ ህንፀት ሃገሩ ንጡፍ ተራ ንክፃወቱ ፃውዒትና ክነቕርብ ንፈቱ፡፡

## 2. ቅድመ ምድላው ባስ ብዝምልከት

### 2. 1 ቴኪናከዊ ምድላውን ክትትልን፣

2.1.1 ዝኾነት ባስ ቅድሚ ጉዕዞ ምጅማራ ብኢንስፔክተር ኣድላይ ኩሉ ቴክኒካዊ ፍተሻ ብምግባር ንስራሕ ብቕዕቲ ምዃና ክረጋገፅ ይግባእ፡

2.1.2. ዘዋሪ ባስ'ውን ኩሉሻብ ቴክኒካዊ ኩነታት ባሱ ብምክትታል ዝረአዮም ፀገማት ኩሎም ብፅሑፍ ንጋራዥ ሓላፊ ናይ ምፍላጥ ሓላፍነት አለዎ፡፡

### 2.2 ካልኦት ክማልኡ ዝግባኦም ኣገልግሎታት ባስ

ዝኾነ መራሒ ባስ ጉዕዞ ቅድሚ ምጅማሩ ዝስዕቡ አገደስቲ ጉዳያት ግድነት ክማልእ ይግባእ፡፡

2.2.1 ዕጥቅታት ባስ /ቅያር ጎማ፣ ክሪክ፣ መፋትሕ ወዘተ.../

2.2.2 ነዳዲ ምምላእ

2.2.3 ዓቐን ንፋስ ጎማ በብግዚኡ ምርግጋፅ

2.2.4 ንመንገደኛታትዲ መተዓናገዲ ዘድልዮ ማተርያላት ምምላእ

2.2.5 ንመንገደኛታት ዘድሊ ቐደማይ ረድኤት ኣቑሑት

2.2.6 ደጋዊን ውሽጣውን ፅርየት ባስ ምሕላው

2.2.7 ደንቢ ክዳን ዘዋርን መተኣናገድን ዝተማልዐ ምኻኑ ምርግጋፅ፡፡

## 3. ስርዓተ ቲኬትን ኣቐሑትን

### 3.1 ዋጋ ቲኬትን ግቡኣት ተሳፈርትን

3.1.1 ዋጋ ትኬት ዝትመን ብወድዓዊ ዋጋ ዕደጋ /ዋጋ ባስ፣ ነዳዲ፣ መቀያየሪ አቕሑት፣ ጎማን ወዘተ/ መሰረት ብምግባር ናይቲ ትካል ማነጅመንት ብዝትምኖ ዋጋ እዩ፡፡

3.1.2 ዝተሸጠ ትኬት ቅድሚ ቀትሪ 8:00 ሰዓት ድሮ ዕለት ምውፋር ጉዕዞኡ እንተተሰሪዙ ገንዘቡ ሙሉእ ብሙሉእ ይምለሰሉ፡፡ ብድሕሪ 8፡00 ሰዓት ንዝሓተትን ንጉሆ አብ መበገሲ ሰዓት ከይመፅኣ ዝተረፈን ግና 50% ዋጋ ትኬት ተቐኒሱ ገንዘቡ ይምለሰሉ

3.1.3 ሓደ ሰብ ዝዓደጎ ትኬት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ምክንያት ጉዕዞ ሰሪዙ ካልእ ሰብ

ንክኽደሉ እንተደልዩ ንመተኣናገዲ ብምፍላጥ ክቕይር ይኽእል፡፡ ኮይኑ ግና ትርፊ ንምርካብ ቲኬት ምሻጥ ኩልኩል እዩ፡፡

3.1.4 ኣብ ሕድ ሕድ ቲኬት ናይ ተሳፋሪ ወንበር ቑፅሪ ስለዘለዎ ሕድ ሕድ ተሳፋራይ ኣብታ ዝተነፀረትሉ ወንበር ኮፍ ክብል ይግባእ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ መንነ መንገደኛታት ብምፍቕቓድን ብድልየትን ወንበር ምልውዋጥ ይካኣል'ዩ፡፡

3.1.5 ዝኾነ ተሳፋራይ ኣብ እዋን ቲኬት ምቑራፅ ይኹን ጉዕዞ መለለይ ካርዱን ቲኬቱን ክርኢ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉን ኣብ ዝሕተተሉን እዋን ናይ ምርኣይ ግቡእ ኣለዎ፡፡

3.1.6 ስርዓተ ቲኬት ምቑራፅ ግልፅነትን ፍትሓዊነትን ብዝተኸተለ መንገዲ ኮይኑ ኣቐዲሙ ዝመፀ ኣቐዲሙ ይቖርፅ ብዝብል መርህ እዩ፡፡

## 3.2 መጠን ኣቕሑትን ክፍሊትን ዝምልከት

3.2.1 ሕድ ሕድ መንገደኛ ክሳብ 25 ኪሎ ዝምዘን ኣቑሑት ብነፃ ክጓዓዝ ይኽእል'ዩ፡፡

3.2.2 ሻንጣኦም ይቖልፉ፡፡ ሽሞምን ኣድራሻኦምን ኣብ ውሽጥን ደገን ሻንጣኦም ይፅሓፍሉ፡፡

3.2.3 ኣብ ዝባን ባስ ዝፃዓኑ ንብረታተት ብመጠን ክብደቶም ንሕድ ሕድ ኪሎ ብር 0.1278 ብኪሎሜትር ሒሳብ ክኽፈል ኣለዎ፡፡

3.2.4 ናይ መንገደኛ ዓቕሓ ዝፀዓን ከምቲ ናይቲ ዓቅሓ ዓይነት ኣብ ውሽጢ ባስ /ካቢን/ ወይ ካዓ ኣብ ላዕሊ ክፀዓነሉ ይኽእል፡፡

3.3.5 ሓደ መንገደኛ ዝለዓለ ዝፍቀደሉ መጠን ዕፅነት 75 ኪ/ግራም ጥራሕ እዩ፡፡ ካብዚ ወፃኢ ክብደት ዘለዎምን ዓበይቲ ቦንዳታትን ምፅዓን ኣይካኣልን፡፡

3.2.6 ናይ ኤሌክትሮኒክ ኣቕሑት፣ ካሜራ፣ ገይፃመይፂ፣ ጥረ ገንዘብን ዝኣመሳሰሉ ክባራት ኣቅሑት ኣብ ዒዶም ይሓዙ፡፡

3.2.7 ንድሕንነት ንብረት መንገደኛን ትካልን ዝጎድእ ወይ ንምፅዓን ዘፀግም ንብረታት መንገደኛ ከም ፈሳሲ ነገር፣ ቅብዓት፣ ዘይቲ፣ ቀለም፣ ፋሓም፣ በርበረ፣ ብፀቡቕ ዘይተዓሸገ መዓርን ካልኦት ጎዳእቲ ነገራት እንተልዮም እቲ ትካል ንክፅዕን ኣይግደድን፡፡

3.2.8 ትኬት ተቖሪፅዎ ኣብ ላዕሊ ዝተፅዓነ ናይ መንገደኛ ንብረት ብዝኾነ

ምኽንያት እንተጠፊኡ በቲ ኣብ ትኬቱ ንዝተቐመጠ ክብደት ብኪሎ 7፡00 ብር

ሒሳብ ትካል ይኸፍል፡፡ ነዚ እውን ተሓታትነቱ ስጋብ 75 ኪ.ግ ጥራሕ ይኸውን

3.2.9 ብቐሊሉ ዝበላሸዉ፣ ተሰበርቲ ኣቕሑት፣ ካብ መጠን ንላዕሊ ዝተኣሸጉ ሻንጣታትን ናይ ሻንጣ ደገ ኣካላትን እንተተበላሽዮም ሓላፊነት የብልናን፡፡

3.2.10 ኣብ ዒዶም ዝሓዝዎን ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ዘቐመጥዎን ንብረት እንተጠፊኡ ሓላፊነት የብልናን፡፡

3.2.11 ኣብ ጉዕዞ ከጋጥም ብዝኽእል ጭሕጋግ፣ ስንጣቕ፣ ምጡንባቕ፣ ምቑራፅን ምርሳሕን ሻንጣታት ሓላፊነት የብልናን፡፡

3.2.12 ኣውቶቡስ ምስ ዓረፈ ሸዑ ንሸዑ ሻንጣኦም ካብ መዕረፊ ቦታ ይውሰዱ፡፡

3.2.13 ሻንጣኦም እንተተጎዲኡ ወይ ካኣ እንተጠፊኡ ካብ መውረዲ ቦታ ከይለቐቕኩም ሸዑ ንሸዑ የፍልጡ፡፡

3.2.14 ሻንጠኦም ምስተፃዕነ ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ መውረዲ ቦታ ተረኺቦም ክቕበልዎ ተዘይኪኢሎም ናይ ባዕሎም ሓላፊነት ይኸውን፡፡

## 4. ስርዓት ጉዕዞ

### 4.1 ደሕንነት ዝሓለወ ጉዕዞ ዝምልከት

#### 4.1.1 መራሒ ኣውቶብስ ዝምልከት

4.1.1.1 ኣብ እዋን ስራሕ ኣልኮል ምስታይን ጫት ምሕያኽን ኩልኩል'ዩ፡፡ ኣብ እዋን

ስራሕ እዋን ዕረፍቲ'ውን ካብ መጠን ንላዕሊ ኣልኮል ምስታይ፣ ይኹን ካልኦት ንስርሖ ዕረፍቱን ብኣሉታ ዝፀልዉ ተግባራት ክፍፀም የብሉን፡፡

4.1.1.2 ኣብ እዋን ስራሕ እኹል ድቃስ፣ መግቢ ዕረፍትን ክረክብ ኣለዎ፡፡

4.1.1.3 ኩሉሻብ ኣብ ስራሕ እዋን ዕርየቱ ዝሓለወ ደንቢ ክዳን ክጥቀም ኣለዎ፡

4.1.1.4 ኣብ እዋን ጉዕዞ ምስ ኩነታት መንገዲ፣ ብድልየት መንገደኛታት ኣየር ጠባይን ዘገናዘብ ጥንቃቐን ርግኣትን፣ ዝተኸተለ ኣዛውራ ስነ ስርዓትን ደንብታትን ሃገርና ብዝተኸተለ ኣዘዋውራ ብምጥቃም ዝለዓለ ሓልዩትን ክብርን ንመንገደኛታት ክህብ ኣለዎ፣ ካብ መንገደኛታት ዝዋሃቦም ጠቐምቲ ሓበሬታታን ምኽርን'ውን ክቕበሉ ይግባእ፡፡

4.1.1.5 ዝኾነ ዘዋሪ ባስ ካብ መስመር ወፃኢ ን ሕጋዊ መዕረፊኣን ወፂኢ ንባስ ምንቅስቓስ ይኹን ምሕዳር ኩልኩል'ዩ፡፡ ካብ ፍቓድን ኣፍልጦን ወፃኢ ገንዘብ ዘይተኸፈሎ ልዕሊ 25 ኪ/ግራም ንብረታት ምፅዓን እውን ኩልኩል'ዩ፡፡

4.1.1.6 ዝኾነ ዘዋሪ ባስ ካብ ዝተፈቐደሉ መዓረፊ /ፊርማታ/ ወፃኢ ንመንገደኛታት ጊዜን ምቾትን ብዝጎድእ መንገዲ ባስ ጠጠው ምባል ኩልኩልዩ፡፡

### 4.1.2 <u>መተኣናገዲ ዝምልከት፣</u>

4.1.2.1 ኣብ እዋን ጉዕዞ ውሽጣዊ ፅርየት መኪና ብቐፃልነት ይከታተልን ይሕሉን፣

4.1.2.2 ውሽጣዊ ፀጥታ ደሕንነት መንገደኛታት ንክሕሉ ቐፃላይ ፃዕርታት ይገብር፣ ንዛሓመሙ ቐደማይ ረድኤት ይህብ፣

4.1.2.3 ንመንገደኛታት ዝተዳለወ መስተንግዶታት በቲ ዝድለ ስዓትን ብሩህ ገፅን የተኣናግድ፣

4.1.2.4 መንገደኛታት ኣብ ጉዕዞ እዋን ዘድልዮምን ዝግባዕን ነገራት እንዳተኸታተለ ብኸብሪ እንዳሓብሐበ የማልዓሎም፡፡

### 4.1.3 <u>ተሳፈርቲ ዝምልከት፣</u>

4.1.3.1 ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ሽጋራ ምትካኽ ኩልኩል እዩ፡፡

4.1.3.2 ዝኾነ መንገደኛ ንፀጥታ ምቾትን መሰልን ደሕንነትን መንገደኛታት ይኹን ትካልዝጎድእ ወይ ዝህውኽ ተግባራት ንክፍፅም ኣይፍቀደሉን፡፡

4.1.3.3 ኣብ እዋን ጉዕዞ ካብ ፍቓድ መተኣናገዲ ወፃኢ መስኮትን ማዕፆን ምኽፋት ኣየፍቀደሉን፡፡

4.1.3.4 ጥዕናኡ ንጉዕዞ ብቑዕ ኮይኑ ዘይተረኸበ መንገደኛ በዘይ ናይ ሕጋዊ ሓኪም ፈቓድ ምስፋር ኣይፍቀደሉን፡፡

4.1.3.5 ማስቲካ ተጠቒምካ ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ምድርባይ ኣይፍቀድን፡፡

## 4.2 <u>ኣብ ውሽጢ ባስ ዝዋሃብ መስተንግዶታትን መዘናግዕታትን</u>

4.2.1 ኣብ እዋን ጉዕዞ ሕድ ሕድ መንገደኛ ቅድሚ ቐትርን ሓደ ሓደ ልስሉስ መስተ ወይ ዕሹግ ማይ ምስ ሕብሽቲ ዝወሃብ እንትኾን ድሕሪ ቐትሪ ኻዓ ደረቕ ዕሹግ ብሽኩቲ ወይ ቖሎ ምስ ሓደ ልስሉስ መስተ ወይ ዕሹግ ማይ ብነፃ ይዕደል፡፡

4.2.2 ኩሎም ኣብ ውሽጢ ባስ ንመንገደኛታት ዝቐርቡ ሙዚቃታትን ቪድዮን ፊልምታትን ብትሕዝቶኦም ይኹን ብኣቀራርብኦም ንክብርን ባህልን ሃገርና፣ ብሂረሰባት፣ ሃይማኖት ወዘተ ብኣሉታ ዘይገልፁ፣ ንደንበኛታትና ቅር ዘየብሉን ክኾኑ ይግባእ፡፡ ኣገባብ ኣቀራርባ'ውን ክንዲ ዝካኣል ንሃገራዊ ፍቕርን ሓድነትን ዘዕብዩ፣ ናይቲ ዝበዝሕ ተሳፋራይ ደልየትን ስምዒትን ብዘርዊ መንገዲ ንምግባር ፃዕርታት ክግበሩ ኣለዎም፡፡

## 4.3 ኣብ ውሽጢ ባስ ዝህሉ ኩነታት ኣየር ዝምልከት፣

4.3.1 እቲ መራሒ ባስ ነቲ ዝበዝሕ መንገደኛ ብዝስማማዮን ምቾቱ ብዝሕሉን መንገዲ፣ ነቲ ኣብ ደገን ውሽጢ ካቢንን ዘሎ ኩነታት ኣየር ኣብ ግምት ብምእታው ናይቲ ካቢን ኣየር ናይ ምስትኽኻል ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

4.3.2 ዝኾነ መንገደኛ ኣብ እዋን ጉዕዞ ብዘይ ፈቓድ መተኣናገዲ ማዕፆን መስኮትን ምክፋት ኩልኩል'ዩ፡፡

## 4.4 ኣብ መንገዲ ዝህሉ ዕረፍትን መደቀስን

4.4.1 ኩለን ባሳት ካብ ቑፅፅር ወፃኢ ዝኾነ ፀገማት እንተዘይ ኣጋጢሙወን በቲ ንመንገደኛ ዝሰማማዕ ሰዓትን ቦታን ዝንፅር ፕሮግራም መሰረት ናይ ምፍፃም ሓላፍነት ኣለወን፡፡

4.4.2 ኣብ አዋን ጉዕዞ ቅድሚ ምሳሕን ድሕሪ ምሳሕን ኣብ ዘሎ እዋን ንምንፋስ ኣብ ዝጥዕም ቦታ ባስ ጠጠው ብምባል ናይ ዓሰርተ ደቒቓ ዕረፍቲ ይህሉ፣

4.4.3 መንገደኛታት ዝሓድሩሉ ቦታ ደረጅኡ ዝሓለወ መግብን መደቀስን በቲ ዝድለ ዓይነትን መጠንን ተመጣጣኒ ዋጋን ዝርከብሉ ፃዕርታት ይግበር፣ ባሳት ዝሓድራሉ ቁርስን ምሳሕን ዝግበረሉ ቦታ ዝተወሰነ በቲ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት መንገዲ ኣየርን ይኸውን፡፡

## 4.5 ብዛዕባ ደሕንነት መንገደኛታት

4.5.1 ኩለን ባሳትና ዝተማልአ ኮምፕሪሄንሲቭ ኢንሹራንስ /ግጭት፡ ምግልባጥ፣ ስርቅን ሓዊን/ ከምኡውን ብሽፍታ ዝበፅሕ ሓደጋን ንሕድ ሕድ ተሳፋራይ ብወንበር ቁፅሪ ልክዕ ናይ ህይወት ውሕስና ዘለዎ እንትኾን ናይ ሳልሳይ ወገን ዝተማልአ ውሕስና

እውን ዘለወን እየን፡፡

4.5.2 ንደሕንነት፣ ምቾት፣ ህይወትን ንብረትን መንገደኛታትና ዓቕሚ ዝፈቐዶ ኩለ ፃዕርታት ክግበር እዩ፡፡

4.5.3 ካብ መንገደኛታት ወይ ዝተፈቀደሉ ሰብ ወፃኢ ዝኾነ ሰብ ናብ ኣውቶብስ ምስቃል ወይ ሸቐጥ ምችርቻር ኣይፍቀድን፣

4.5.4 ዝኾነት ባስ ቴክኒካዊ ፀገም ወይ ሓደጋ እንተበፂሕዋ እቲ ትካል ኣብቲ መንገደኛ ንዝበፅሑ ፀገማት መኣዓዓዝያ ይኹን ኣገልግሎታት ንምሽፋን ካልእቲ ቅያር ኣውቶቡስ ገይሩ ግልጋሎት ይህብ፡፡

4.6 <u>ብዛዕባ ስርዓተ ሓበሬታን ርክብን፣</u>

4.6.1 ኩለን ባሳት ብሞባይል ወይ ሬድዮ ምስ ጨናፍርን ዋና ቤት ፅሕፈት ርክብ ክህልወን እዩ፡፡

4.6.2 ኣብ ምጅማር ጉዕዞ ብዛዕባ እቲ ዝግበር ዘሎ ጉዕዞ ሓፀርቲ ሓበሬታታ ንመንገደኛታት ይዋሃቡ፡፡ ኣድላይ ኣብ ዘኾነሉ ኣዋን'ውን ተወሳኺቲ ሓበሬታታት ይዋሃቡ፡፡

4.6.3 ኣብ ክይዲ ጉዕዞ ንኅሆ ቐትርን ሃገራዊ ዜናታት መንገደኛታት ዝስምዕሉ ኩነታት ኣድላይ ምትዕራይ ይግበረሉ፡፡

4.6.4 ኣብ ሕድ ሕድ መንገደኛታት መንበር ፊት ንፊት ኣብ ዝህሉ ጁባ /መትሓዚ ፅሑፋት/ ብቐዳምነት ሕገ ደንቢ ሰላም ባስ ብኣምሓርኛ፣ ኦሮምኛን ትግርኛን ኣድላይ ኣብ ዘኾነሉ እዋን'ውን ብካልኦት ብሂር ብሂረሰባት ቋንቋታት ወዘተ ተጠሪዙ ንንባብ ይቕመጥ ኣብ እዋን ጉዕዞ'ውን ንመንገደኛታት ሕፅር ዝበለ ካብ ዝተቐረፀ ካሴት ክሰምዕዎ ይግበር፣

4.6.5 ነቲ ሕጊ ደንብ መሰረት ብምግባር ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ወይ መንገደኛታት ኣብዝሓትሉ እዋን ርኢቶ መውሃቢ ወረቐት ንክመልኡ ይዋሃቦም፡፡ እቲ ትካል ድማ ካብ ደንበኛታቱ ካብዝረኸቦ ሪኢቶ መሰረት ብምግባር ኣገልግሎት ብቐፃልነት ንምዕባይ ክፅዕር እዩ፡፡

## *ሰናይ ጉዕዞ ይግበረልኩም*

## *<u>ሰ ላ ም   ባ ስ</u>*